# 24 ግንቦት ኣብ ከተማ ርያድ
# ብክብ ዝበለ ማዓርግ ተባዒላ

ጽምብል 24 ግንቦት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ርያድ ሱዑዲ ዓረብ «ናጽነትና ጻማ ጽንዓትና፣ ራህዋ ፍረ ስራሕና» ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ሰሉስ 23-05-06 ካብ ሰዓት 9.00 ድ.ቀ. ክሳብ ወጋሕታ 24-05-06 ሰዓት 1.30 ብክብ ዝበለ ድምቀትን መዓርግን ኣብ ኣደራሽ ናቕፋ ቀጽሪ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ተባዒላ። ኣብ'ዚ ኣሽሓት ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ በዓል፣ ንመዓልቲ ነጻነት ዘንጸባርቕ ብቓንቓታት ትግሪኛ፣ ትግረ፣ ሳሆ፣ ዓረብን እንግሊዝን ብዓበይትን ህጻውንትን ግጥምታት ቀሪቡ።

ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ ገዳይም ሓርበኛታት ኣቦና መሓመድ ሰይድ ናውድን ኣቦና ኣደም ገሲርን ኣቦና ሳልህ ፍካክን ሰውራ ኤርትራ ዝሓለፎን ሕጂ ኤርትራ በጺሓቶ ዘላ ምዕባለን ብምዝርዛር፣ ኣብ ስደት ዝርከብ ኤርትራዊ ምስ ሃገሩ ዘለዎ ምትእስሳር ብምምስጋን ኣብ ሃገሩ ተመሊሱ ቀሲኑ ዝነብረሉ ግዜ መጺኡ ከምዘሎ ገሊጾም።

ከምኡ'ውን ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሱዑዲ ዓረብ ኣቶ ማሕሙድ ዓሊ ሑሩይ ኣብ ዘስመዮ መደረ «እዛ ሎሚ ነብዕላ ዘሎና ዘሎና መዓልቲ ድሕሪ ነዊሕ ቃልስን ክቡር መስዋእትን ጸሓይ ሓርነትን ነጻነትን ኣብ መላእ ኤርትራ ዝበረቐትላ፣ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ቦታን ዝኸርን ዘለዋን ኣብ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልስና ፍሉይ ነጥበ መቀይሮ ዝኾነት፣ ናይ ሓበንን ኩርዓትን ዕለት እያ። ንኤርትራን ህዝባን ሓዲሽ ዕለተ ልደት እያ ክበሃል ይከኣል።» ድሕሪ ምባል ኣስዒቡ «መንግስቲ ኤርትራ ንኹሉ ተበግሶታቱ ንምድኻም፣ ጻዕርታቱ ንምንእኣስ፣ ብጸላእትን ሕልነኦም ዘዕረቡ ዱኹማት ዝካየድ ናይ ጸለመን ምክፋእ ዘመተታትን ዊዲታትን በዲሁ፣ ኣብ ህዝቡን ሓይልታት ምክልካሉን ተመርኺሱ ሕድሪ ስውኣትን፣ ሃንቀውታ ህዝብን፣ ዕላማታቱን ንምትግባር ለይትን መዓልትን ሃገር ንምክልኻልን፣ ቁጠባኣ ንምብርባርን ምድንፋዕን ከየዕረፈ ይሰርሕ ኣሎ። ወፍሪ ዋርሳይ ይካኣሎ ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ብፍላይ ኣብ መዳያት ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢን፣ ትሕተ ቅርጻን ምዝርጋሕ መሰረታዊ ኣገልግሎታዊ ትካላትን ኣብ ኩሉ ዞባታት ኣመዝጊብዎ ዘሎ ዓወታት ህያው ምስክር ብቕዓቱን፣ ንሕድሪ ስውኣቱ ዘለዎ ተኣምንነት ዘረጋግጽ ሓቂ እዩ።» ድሕሪ ምባል ኩሎም ኣብ ጽንኩር ናይ መኸተን ብድሆን እዋናት ልዑል ሃገራዊ ስምዒትን ብምርኣይ ዝነኣድ ወፈያታት ዘበርከቱ ኣመስጊኑ።

ኣብ'ዚ ጽምብል'ዚ ንመዓልቲ ነጻነት ኣብ ዝተካየደ ስፖርታዊ ው ድድራት ዕውታት ንዝኾኑ ስፖርታውያን ሽልማት ካብ ኢድ ኣምባ ሳደር ማሕሙድ ተቀቢሎም።

ኣዴታት ርያድ ከም ልማደን ሕምባሻን ቡንን ብምቕራብ፣ ኣብ ዝ ተፈላለየ ትካላት ዝሰርሑ ኤርትራውያን ካብ ትካሎም ዘምጽእዎ ፍ ሩታታት ብነጻ ንህዝቢ ብምቅራብን ጉጅለ ባህሊ ርያድ ድማ ብጥ ዑም ዜማታት ንህዝቢ ብምዝንጋዕ ነቲ ባዓል ድምቀት ሂቦሞ ሓዲ ሮም።

ሽማግለ ዜናን ሓበረታን

ዓወት ንሓፋሽ!!